ኣል-ኢክራም ናይ መቓብር ኣገልግሎት Alikram BURIAL SERVICES الإكرام لدفن الموتى

بسم الله الرحمن الرحيم

# ጀምዕያት ኣል-ኢክራም

## (( ቅዋም))

**<u>ማለዩ</u>**

ጀሜዕያ ኣል-ኢክራምግብኡምንዘሜልኡ ኣባላት ናይ ቀብሪ ኣገልግሎት ዘገልግል ማሕበር እዩ።

**<u>ዓንቀጽ ቁጽሪ(1) ስምን ኣድራሻን ጀምዕያ</u>**

ስም ፥ ጀምዕያ ኣል-ኢክራምናይ ቀብሪ ኣገልግሎት

ኣድራሻ፥ UNIT 3. 15A WHITMORE ROAD, BIRMINGHAM B10 0NR

**<u>ዓንቀጽ ቁጽሪ (2) ዕላማጀምዕያ</u>**

- ኣብ በርሚንግሃምን ከባቢኡን ዝቕመጡ ኣስላም፡ ወለንታዊ ንርብሒ ዘይሰርሕ ናይ ቀብሪ ኣገልግሎት ዝህብ ጀምዕያ እዩ።
- ንስድራቤት መዋቲ ናይ ቀብሪ ኣገልግሎት ይኹን ንምጽንናዕ ናይ ታዕዚያ መዲባት ይደሉ።

**<u>ዓንቀጽ(3) ማዝነት (ስልጣን)ናይ ጀምዕያ</u>**

- ስልጣን ጀምዕያ ኣብ ናይ ቀብሪ ኣገልግሎት ዝተሓጽረ ይኸውን።
- ጀምዕያ ካብ እስላማዊ ባህሊ (ሸሪዓ) ወጻኢ ዝኾነ ኣገልግሎት ኣየቕርብን።

**<u>ዓንቀጽ ቁጽሪ (4) ኣባልነት፡</u>**

ኣባልነት ክምዝገብ ዝኽእል፥ -

1. ሙሉእ ኣባልነት ንኽለብስ ኤርትራዊ ዜጋ ክኸውን ኣለዎ።
2. ተሓባባሪ ኣባልነት ንምልባስ ንዘይ ኤርትራውያን ዜጋ በዚ ቅዋም ዝቅየዱ።
3. ኣቦ፥ ኣደን ምስ ደቆም ብሓንሳብ ኣብ ሓንቲ ኣድራሻ ዝቕመጡስድራቤት።
4. ቅልዑ ዘይብሎም ሰብኣይን ሰበይትን።
5. ልዕሊ ዓሰርተ ሸሞንተ ዓመት ዘይተመርዓወ ብጹሕ።

**<u>ክፍሊት ማሕበር</u>**

1. ዓመታዊ ክፍሊት ናይ ስራቤት 50 ፓውንድ ስተርሊኒ።
2. ዓመታዊ ክፍሊት ናይ ወልቂ ሰብ 25 ፓውንድ ስተርሊኒ።
3. ናይ ኣባልነት ክፍሊት ዝተኸፍለ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ወይ ( ኣባል ምስ ዝስሕብ) ክፍሊት ኣይምለስን።

<u>**ካብ ኣባልነት ምስሓብ**</u>

1. ብወለንተኡ/ ብምርጫኡ ክስሕብ ዝደለየ ።
2. ዓመታዊ ክፍሊት ምስ ዘይከፍል/ ግቡኡ ምስ ዘይሚልእ።

<u>**ዓንቀጽ (5 ) ቅርጺ ምሕደራ ጀምዕያ**</u>

ጀምዕያ ኣብ ጉባኤ ብዝተመርጹ ኣማሓደርቲ (ሓለፍቲ) ትማሓደር።

<u>**ኣቃውማ ኣካየድቲ ማሕበር**</u>

1. ኣቦ-ወንበር
2. ሰክሬተሪ
3. ተሓዝ ገንዘብ (ቀጠባ)
4. ክልተ ኣባላት ተጠባበቅቲ

<u>**ዓንቀጽ (6) ኣካየድቲ ስራሕ ማሕበር፡**</u>

1. ኣከየድቲ ስራሕ ዓሰቢ/ደሞዝ ኣገልግሎቶም ክወስዱ ይኽእሉ።
2. ንጀምዕያ ዝምልከት ጉዳያት ቀዳሞት ተሓተትቲ እዮም።
3. ንምሕደራ ዝምልከት ኣብ ቅድሚ ኣባላት ተሓተትቲ እዮም።
4. ናይ ኣኼባታት መዝገብ ብግቡእ ይስንዱ። እቲ መዝገብ ንዝምልከቶም ኣካል ክፉት/ድልው ይኸውን።
5. ኣኼባታት ጀምዕያ እንተወሓደ ሰሙን ክተርፎ እንከሎ ንኣባላት ዕድመ/መጻዋዕታ ይልእኹ። ህጹጽ ኣኼብ ምስ ዝኸውን ግን እቲ ፍልልይ ኣብ መንጎ ጻውዒትን ኣኼብን ካብ ሰሙን ክወሕድ ይኽእል።
6. ኣከየድቲ ሰራሕ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ይራኸቡ።
7. ምልኣተ ኣኼብ ኣካይድቲ ስራሕ ብኽልተ ሰሶ ይካየድ።
8. ወሳኔታት ኣካየድቲ ስራሕ ኢዶም ሓፍ ብምብል የድምጹ። እቲ ድምጺ ሚዕረ ምስ ዝኸውን ወገን ኣቦ-ወንበር ይስዕር።

<u>**ዓንቀጽ ቁጽሪ (7) ቁጠባ**</u>

ምንጪ ቁጠባ ጀምዕያ

1. ኣብ ጉባኤ ዝተወሰነ ወርሓዊ ክፍሊት።

2. ቅድመኩነት ዝይብሉ ህያብን ሓገዛትን ከምኡውን ካብ ካልእ ንጥፉታትን።.

**ኣገባብ ኣወጻጽኣ ገንዘብ**

1. ገንዘብ ጀምዒያ ኣብ ንጀምዒያ ዝምልከት ወጻኢታት ይውዕል።
2. ኩሉ ገንዘብ ጀምዒያ ኣብ ሕሳብ ባንኪ ናይ ጀምዒያ ይቕመጥ።
3. ንወጻኢታት ዝፍረም ቼካት ብኽልተ ሓላፍቲ ይፍረም።
4. ኣከድቲ ስራሕ ብዝጸደቀ ባጀት ተኸቲሉም ወጻኢታት ጀምዒያ ክገብሩ ይግባእ።
5. ወጻኢታት ጀምዒያ ንኣባላትን ስድራቤቶምን ይኸውን።
6. ከምኡውን ተቐማጦ ዘይኮኑ ንቤተ ሰቦም ከበጽሑ ካብ ወጻኢ ብሪጣንያ ዝመጹ ኣጋይሽ።
7. ከምኡውን ናይ ማንበሪ ፍቃድ ዘይብሎም ኮይኖም ዝኾነ ኣታዊ ዘይብሎም።

**ዓንቀጽ ቁጽሪ (8) ስድራቤት መዋቲ ከቕርብዎ ዝግባእ ሰነዳት**

1. ናይ ሞት ምስክር ወረቀት።
2. ፎቶ ኮፒ ናይ ፓስፖርት።
3. ናይ ኣድራሻ መረጋገጺ።
4. ስድራቤት መዋቲ እዚም ዝተጠቕሱ ሰነዳት ከዳልዉ ምስ ዘይክእሉ፡ ንቀብሪ ዝግበር ወጻኢታት ጀምዒያ ተሓታቲት ኣይትኸውንን።
5. ንቀብሪ ዝግበር ወጺታት ልዕሊ ዓቕሚ ጀምዒያ ምስ ዝኸውን፡ እቲ ዘድሊ ገንዘብ ካብ ኣባላት ይዋጻእ።
6. እቲ ንቀብሪ ዝወጸ ወጻኢታት ካብ መንግስቲ ሓገዝ ምስ ዝርከብ እቲ ገንዘብ ናብ ጀምዒያ ይምለስ።

**ዓንቀጽ ቁጽሪ (9) ሓፈሻዊ ኣኼባ**

1. ኣማሓዳሪት ኮሚቴ መደባታ ንምግምጋም እንተዋሓደ ኣብ ዓመት ክልተ ግዜ ሓፈሻዊ ኣኼባ ክትጽውዕ ይግባእ።
2. ኣኼባ ብሓላፊ ጀምዒያ መጸዕታ ይግበርን ይምራሕን።
3. ኣባላት ብዛዕባ ኣኼባ ካብ ክልተ ሰሙን ዘይውሕድ ክሕበሩ ይግባእ። ህጹጽ ምስ ዝኸውን ግን ጎደሎ ሰሙን ክኸውን ይኽእል።
4. ሓፈሻዊ ኣኼባ ብዝተረኸቡ ኣባላት ይካየድ።
5. ጸብጻብ ሓፈሻዊ ኣኼባ ብግቡእ ተሰኒዱ ንኹሉ ኣባል ድማ ክፋት ይኸውን።

**ዓንቀጽ (10) ጉባኤ**

1. ጉባኤ ኣብ ክልተ ዓመት ይካየድ።
2. ኣባላት ብኣካል ኮይኑ ብዝተፈላለየ ናይ ሜዲያ ብዙሓን፡ ጉባኤ ከምዝግበር ቅድሚክልተ ሰሙን ክሕበሩ ይግባእ።
3. ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ የሜልእ፡-

   3.1 ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኩሉ ጸብጻብ ንጥፈታት ጀምዒያ ካብ ኣቦ ወንበር ይቀርብ። ከምኡውን ካብ ሓላፊ ክፍሊ ቁጠባ፡ ናይ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ዝርዝራዊ ቁጠባዊ ጸብጻብ ይቐርብ።

   3.2 ሐደስቲ ኣካየድቲ ስራሓት ይምረጹ።

   3.4 ምልኣተ ጉባኤ ንምርካብ 51% ግቡኡ ምዘሟልኡ ኣባላት ክርከቡ ይግባእ።

**ዓንቀጽ (11) ህጹጽ ጉባኤ**

1. ብጸወዒት 2/3 ኣባላት ትራስት (ሰብ ሕድሪ)።
2. ብጽሑፋዊ ሕቶ 25% ኣባላት ጀምዒያ። ካብ ዝተሓተተሉ ግዜ ኣብ ወሸጢ(14) ማዓልቲ ህጹጽ ጉባኤ ንምካያድ ክወሰን ኣለዎ። ብተወሳኺ እቲ ህጹጽ ጉባኤ ንምካያድ ኣባላት ክልተ ሰሙን ኣቀዲሞም ክሕበሩ ይግባእ።

**ዓንቀጽ (12) ምምሕያሽ ቅዋም**

- ቅዋም ንምቕያር ክልተ ሲሶ ኣባላት ማሕበር ዘድምጽሉ ክኸውን ይግባእ።

**ዓንቀጽ ቁጽሪ (13) ምድስካል ጀምዒያ**

1. ጀምዒያ ንምድስካል (ጭራስ ጠጠውንምባል) 2/3 ድምጺ ክርከብ ይግባእ።
2. እቲ ዝነበረ ንብረት ድማ ወይ ናብ ዋናታቱ ይምለስ፡ እንተ ኣፍቂዶም ድማ ናብ ካልእ ጀምዒያ ይማሓለፍ።

**ሓፈሻዊ ሕግታት**

1. ፍልይያት ምስ ዝርከብ ናይ ዓረበኛ ቅዋም ሕጋዊ መትሮ ይኸውን።
2. ኣባልነት ንምልባስ ቅድሚዝኣገረ ቅዋም ናይ ጀምዒያ ብግቡእ ክንብብ ይግባእ።

*እዚ ቅዋም ብዕለት ካብቲ ዝተማሓየሸሉ ዕለት 30/09/2018 ሕጋዊ ይኸውን።*

በርሚንጋሃም ( ዓባይ ብሪጣንያ )